# [ህዝብና ካብ ድኽነት ንምንጋፍን ኣብ ምሕደራና ዕግበት ንምፍጣርን ቃልስና ነጠናኽር]

**ኣይተ ኣባይ ወልዱ ን4ይ ኣኼባ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዘቕረብዎ ሪፖርት**

## I. ቁልፊ መልእኽቲ

**ዝተኸበራ ኣፈ-ጉባኤ ወ/ሮ ቅዱሳን ነጋ**

**ዝተኸበራ ፕሬዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ወ/ሮ ሕሪይቲ ምሕረትኣብ**

**ዝተኸበርክንን ዝተኸበርኩምን ኣባላት ቤት ምኽሪ**

**ክቡራትን ክቡራንን ዕድሚት ተሳተፍቲ**

**ኣቐዲመ እንኳዕ ናብ መበል 5ይ ዘበን 4ይ ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊመንግስቲ ትግራይ ብሰላም መፃኹም ክብለኩም እፈቱ።**

እዚ ዝጠቓለል ዘሎ ናይ 2008 በጀት ዓመት ልዕልነት ኪራይ ኣካቢ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚኣብ ከተማታት ንምድኻምን ኢንቨስትመንት ብፍላይ'ውን ማንፋክቸሪንግን ሰደድን ንምጉልባት ዝሰራሕናሉ፣ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ጥራሕ ዘይኮንስ ኣብ ገፀር ይኹን ኣብ ከተማ ትራንስፎርመሽን ንምርግጋፅ ባይታ ምንፃፍ ዝጀመርናሉን ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዘሎ ጉድለት ብዝሐሸ መንገዲ ንምፍታሕ ዝዓለሙ መደባት ሓንፂፅና ዝላዓለ ምርብራብ ዝገበርናሉ እንትኾን ዘጋጠመና ከቢድ ሓደጋ ድርቂ'ውን ዝመከትናሉ ብምኳኑ ፍልይ ዝበለ ዓመት እዩ።

እዞም ኣገደስቲ መደባት ብዝሐሸ መንገዲ ምፍፃም ዝጀመርናሉ ፍልይ ዝበለ ዓመት ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ቅድሚ ኹሉ ውሽጥና ንምፅራይ ተኸታታሊ ቃልሲ እናካየድና ናይ ምፍፃም ዓቕምና እናጎልበትናን ዝተረፈና ብዝበለፀ ንምርኣይን ንምእራምንውን ናብ ህዝብና ብግልፂ እናቐረብና ካብ ህዝብና ዝረኸብናዮ ግብረ መልሲ ሒዝና ደጋጊምና ንውሽጥና መሊስና እናረኣና ኣብ ምኻድ ጠሚትና ምስራሕና ኮይኑ ውፅኢቱ'ውን ተስፋ ዝህብ ኩነታት እናተፈጠረን ብብእዋኑ እናተጠናኸረን ምምፃእ ጀሚሩብምህላዉ እዩ።

ስለዝኾነ'ውንእዚ ፀብፃብ ኣብዚ ዓመት ዝተትሓዙ ሽቶታትን ኣፈፃፅመኦምን ብፍላይ ኣብ ቁልፊ መደብ ናይ ምፍፃም ዓቕምና ንምጉልባት ውሽጣዊ ፅሬትና ኣናረጋፅና ጉድለት ሰናይ ምምሕዳር ንምስትኽካል ዝተሰርሑ ሰፋሕቲ መደባትን ከምኡ'ውን ኣብ ጉዕዞ ዕብየትን ስግግርን ክልልና ዝተፈፀሙ ኣገደስቲ ስራሕትን ትኹረት ዝሃበ እዩ።ነዚይ መሰረት ብምግባር ሙሉእ ትሕዝቶ እዚ ፀብፃብ ኣቐዲሙ ብዝርዝር ተሰኒዱ ንዝተኸበረ ቤት ምኽሪ ቀሪቡ ተራእዩ ስለዘሎ ኣብዚይ ብፅሟቕ መልክዕ ሕፅር ኢሉ ዝቐርብ ክኸውን እዩ።ስለዚይ'ውን ኣብዚ በጀት ዓመት ምስዞም ሰፋሕቲ መድረኻት ተመጋጊቦም ዝተፍፀሙ ኣብ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ልምዓት ዝተትሐዙ ዓበይቲ ሽቶታት ንምፍፃም ዝተገበረ ፃዕርን ዝመፀ ለውጥን

ከምኡ’ውን ዘጋጠመና ሓደጋ ድርቂ ንምምካት ዝተሰርሑ ስራሕትን ውፅኢቱን ሐዊሱ ብቐንዱ ድማ ኣብ ኣፈፃፅማ ምውፋርን ህንፀትን ልምዓታዊ ሰራዊትን ዝነበረ ኣፈፃፅማ ኣሕፂረ ንምቕራብ ክፍትን እየ።

**ዝተኸበራ ኣፈ-ጉባኤ**

**ዝተኸበርክንን ዝተኸበርኩምን ኣባላት ቤት ምኽሪ**

ጉዕዞ ዕብየትን ስግግርን ይኹን ናይ ኪራይ ኣካብነት ፖለቲካዊ ኢኮኖሚ እናዳኸምና ሰናይ ምምሕዳር እነረጋግፀሉ ቀንዲ ኣንፈትና ብህንፀት ልምዓታዊ ሰራዊት ኣቢልና ም኷ኑ ዝፍለጥ ስለዝኾነለምዘበን’ውንልምዓታዊ ሰራዊት ኣብ ኩሉ ኣካል እናፈጠርና ንምኻድ፣ ኣብዝፈጠርናሉ’ውን ብዝበለፀእናደልደልናንእናዋሃሀድናንንምውፍር ከም ቁልፊ መደብ ሒዝና ሰፋሕቲ ምድላው ስራሕቲ ብምስላጥ ናይ ተግባር መደባትና ብዝሐሸ መንገዲፈፂምና ኢና።ልምዓታዊ ሰራዊት ምህናፅ ኣብቶም ዝሓዝናዮም መደባትና ብቐንዱ ኣብ ኣተሓሳስባ፣ ፍልጠትን ክእለትን፣ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን፣ ኣወፋፍራን ኣመራርሓን ከምኡውን ውፅኢት ኣፈፃፅማ እናተመጣጠነን እናጎልበተን ንምኻድ ተሓሳቢ ብምግባር ዝረኸብናዮም ብሉፃት ተሞክሮታት ንምዕሟቕን ንምስፋሕን ዝውስንኣብፅሬትኣመራርሓን መላእ መሓውርናንምርግጋፅ ትኹረት ሂብና ሰሪሕና ኢና።

ህንፀት ልምዓታዊ ሰራዊት ዓቕምታት ዝተወደበህዝብና፣ መንግስታውን ናይ ውድብን ማሓውርና ኣጣሚሩን ኣወሃሂዱን ብምሓዝ ናይ ምፍፃም ዓቕምና ብዝበለፀ ጎልቢቱ ንኽወፅእዝነበሩና ጉድለታት ብዝሐሸ ኣገባብን ብድፍረትንንምእራምብጥሙር መልከዕ ካብ ክልል ክሳብ ጣብያታት፣ብብግንባሩን ብብሴክተሩንዝተባብዑ ስረሕቲፈፂምና ኢና። ስለዝኾነ’ውን ብሓደ ገፅ ጥሙር ብዝኾነ ኣገባብ ፈፀምቲ ዓቕምታትና ንምድላውን ንምድጋፍን ዝተፈፀሙ መደባትን ብኻሊእ ገፅ ድማ ኣብ ዝተነፀሩ ግንባራት ማለት’ውንኣብ ገጠር ሕርሻ ማእኸል ጌርና ዝኸድናዮ ርሕቐት፣ ኣብ ከተማ ደኣንት ሸኻልናይ ከተማ ሰራዊት ብምውሳድ ዝበለፀ ንምጥንኻር ዝተሰርሑ ስራሕቲ፣ ኣብ ጥዕናን ትምህርትን ብብግንባሮም ዝተወሰኹ ጥንካረታትን ብዝዓበየ ድማ ሰናይ ምምሕዳር ከም ከምሓደ ወሳኒ ናይ ርብርብ ማእኸል ብምውሳድ ካብ ምድላው ፈፀምቲ ዓቕምታት ጀሚሩ ክሳብ ናይ ናይ ተግባር ምርብራብ ዛጊድ ዝተፈፀሙ ስራሕቲ ብቕደም ሰዓቦም ዝቕርቡኮይኖም**ኣቐዲመ ብጥሙር ፈፀምቲ ዓቕምታት ንምድላውን ኣብ ተግባር ምዕራፍውን ንምድጋፍዝተፈፀሙ ስራሕቲ ከቕርብ እየ።**

ለምዘበንንኹሎም መደባትና ገዛኢ ዝኾነ ክልላዊ መበገሲ ሰነድሒዝና ንምውፋር ኣፈፃፅማ ቀዳማይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ብምግምጋምን ትልሚ ካልኣይ ዕብየትን ስግግርን ብምድላውን ናብ ዝተኸበረ ቤት ምኽሪ ቀሪቡ ብዝርዝር ብምዝታይ ዝፀደቐ ኮይኑ ክልላዊ ትልሚ 2008’ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ቀሪቡ ምስ መፈፀሚ በጀቱ ክፀድቕ ክኢሉ እዩ። ዝተኸበረ ቤት ምኽርናነዚ ዝተሓንፀፀ ትልሚ ዝመርሕን ዘተግብርን ፈፃሚ ስራሕ መንግስቲ ክልልና ብምጥያሹዝተረፉ ምደባታት ብምክያድ ቀፂልና ናብ ሰፋሕቲ ናይ ፅሬት መድረኻት፣ ዓቕምታት ናይ ምድላውን ተግባረዊ ርብርብን ኣቲና ኢና። ነዚይ ስዒቡሕድ ሕድ መንግስታዊ ቤት ዕዮን ብብብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ምምሕዳርን ነዚ ዝፀደቐ ጥሙር ክልላዊ ትልሚ መበገሲ ዝገበረን ዝመጋገብን ትልሚ ንንኣካሎም ኣዳልዮምብምፅደቕ ክሳብ ውልቀ ፈፀምቲ ዝዘለቕ ዝሐሸ ምድላው ጌሮም ናብ ተግባር ተሰጋጊሮምእዮም።

ስለዘይ’ውን ኣብ መጀመሪ እዚ በጀት ዓመት ቅድሚ ኩሉ ፅሬትና ንምርግጋፅን ናይ ምፍፃም ዓቕምና ንምሕያልን ልዕሊ 2,300 ናይ ክልል፣ ዞባ፣ ወረዳን ከተማን ኣካላት ኣመራርሓ ዝተሳተፍሉ 5[+] ተኸታተልቲ ማዓልታት ዝወሰደ ክልላዊ መድረኽ

ብምስላጥ ዝሐሸ ምርድዳእ ብምፍጣር ናብ ስራሕ ኣቲና ኢና። ነዚ ክልላዊ ጥሙር መድረኽ ከም መበገሲ ብምውሳድ ብክልል ብርኪ ብብሴክተሩ ሕሉፋት መደባት ብምግምጋም፣ ኣብ ትልሚ እዚ ዓመት ብዝርዝር ናይ ምርድዳእ፣ ንብሉፃት ናይ ምሽላምን ኣፍልጦ ናይ ምሃብን ከምኡውን ተሞክሮኦም ንምክፋልን ዓሊሞም ዝተኻየዱ መድረኻት’ውን ናይ ምፍፃም ዓቕምታትና ንምጥንኻር ኣውንታዊ ተራ እናተፃወቱን ሐዚ’ውን እናተጠናኸሩን ይኸዱ ኣለዉ።

ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ ኩሎም ዞባታት፣ ወረዳታት፣ ከተማታት፣ ጣቢያታት፣ ከምኡ’ውን ኣብ ሕድ ሕድ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮታት ቅድሚ ኩሉ ውሽጣዊ ፅሬትና ንምርግጋፅ ትኹረት ብምሃብ ሰፋሕትን ካብ ዝሓለፉ እዋናት ዝተፈለዩን መድረኻት ፅሬት ተሳሊጦም እዮም። ናይ ኪራይ ኣካብነት ፖለቲካዊ ኢኮኖሚ ንምስዓር፣ ሰናይ ምምሕዳር ንምርግጋፅን ቀፃሊ ዕብየት ካብ ምምዝጋብ ሓሊፍና መሰረታዊ ስግግር ንምምፀእ ዘዐንቅፉና ዝነበሩ ጉድለታት ምስ ሕድ ሕድ ኣመራርሓን ማሓውርናን ብምትሕሓዝ፣ ተሓታትነት ብምርግጋፅን ንቀፃሊ ስራሕትናምቸው ኩነታት ብዝፈጥርን ብፍላይ ድማ ትካላዊ ዓቕምታትና ዝበለፅ ብዘጠናኽርን ኣገባብ ተፈፂሞም እዮም።ኣብ ተግባር ምዕራፍ’ውን ነዚኦም ኣጠናኺርና ቀፂልናሎም ኣሎና።ኣብ ርእሲ’ዚይ ኩሉ ዝላዓለ ኣመራርሓ ክልልና ኣብ ዝተረኸበሉ ን2ተ ማዕልታት ዝወሰደ መድረኽ ግልፅነትን ተሓታትንትን ተሳሊጡ እዩ። ኣብዚ መድረኽ ምስ ምሕደራ ሃፍቲ መንግስቲ ብምዝማድ መግለፅታት ክራይ ኣካብነትን ጉድለታት ሰናይ ምምሕዳርን ንምይይጥ ክቐርቡ ብምግባር ኣብ ተሓታትነት ዝራኣዩ ጉድለታት መበገሲኦም ብምፍላይ ዝተነፀሩመፍተሕታት ንምጥንኻርን ውዑይ ቃልሲ ንምጅማርን ዝሐሸ ዕድል ሂቡ እዩ።

ኣብ ገፀርን ኣብ ከተማን ዝርከብ ህዝብና ኣብ መፈለምታ እዚ በጀት ዓመት ኣብ ምድላው ምዕራፍ ጥራሕ ልዕሊ 1.1 ሚልዮን ዝኣክል ወይ ድማ ክእከብ ካብ ዝግበኦ ልዕሊ 85% ኣብ መላእ ትግራይ ዝርከብ ህዝብና ብጣብያን ልምዓት ጉጅለን ሰፋሕቲ መድረኻት ተፈጥሮሙሉ ብዝሐሸ መንገዲ ንሕሉፍ ገምጊሙ ኣብቶም ቀፀልቲ መደባት ምርድዳእ ጌሩ ናብ ተግባራዊ ርብርብ ክኣቱ ክኢሉ እዩ።

ብክልልብርኪብጥማርከምኡውንብብሴክተሩንብብኣካሉንኣፈፃፅማ 9ተወርሒብምግምጋምንብምንቕቓፍንነቲዝተፈጠረዋዒንቕድሚትንምውሳድንብፍላይድማዝተሓንፀፁዓመታዊሽቶታትንንምዕ ዋትኣብፅምዶፅዑቕናይተግባርስራሕብምውፋርዝቐፀለኮይኑድርቂኣብዘጋጠሞምኸባቢታትይኹንኣብከተማታትንዝርከብህዝብ ናብኣካልኣብቲቦታምስህዝብናብምርኻብንብምምኽኻርንእንኸደሉኣገባብብምጥንኻሩንምስዝተፈላለዩባዓላትብምዝማድዘድሊ መልእኽቲዝሓልፈሉንዝላዓዓለሉንኩነታትብምንባሩምትእምማንህዝብንመንግስትንእናኃልበተዝመፀሉሃዋህውእናዓበየይኸይድ ኣሎ።እዚይኣብቀፃሊ’ውንብዝበለፀተጠናኺሩክቕፅልእዩ።

**ዝተኸበራ ኣፈ-ጉባኤ**

**ዝተኸበርኩም ኣባላት ቤት ምኽሪ**

**ምስዞም ልዕል ኢሎምዝተገለፁ ጥሙራት ስራሕቲ ተመጋጊቦም ብብግንባሩ ኣብ ቁልፊ መደብዝተፈፀሙተግባራት እንታይ ከምዝመስሉ ቀፂለ ከቕርብእየ።**

**1.**<u>ኣብገጠርሕርሻማእኸልዝገበረህንፀትልምዓታዊሰራዊትዝተኸየደርሕቐትብዝምልከት</u>

ኣብ ልምዓትን ክንክንን ሃፍቲ ተፈጥሮ ዝተሃነፀ ልምዓታዊ ሰራዊት ለምዘበ’ንውን ንኾሎምሕርሻዊንጥፈታትናመሰረትምኳኑዝኣመነንፅኑዕኣተሓሳስባዝጨበጠንሰራዊት እናኾነ እናተጠናኸረምኻዱ ቀፂሉ ኣሎ። እዚሰራዊትካብሃፍቲተፈጥሮዝረኸቦውፅኢትመሰረትብምግባርምስናይመስኖ፣ ሃፍቲእንስሳንናይክረምቲእቶትምስሳንንመደባትናብምትእስሳርኣብውዑይምንቅስቓስዝኣተወስለዝኾነ ለምዘበን’ውን ተወሳኺ ጥንካረ ፈጢሩ ኣሎ።

ኣብምንቅስቓስኣትዩዘሎናይመስኖሰራዊትኣብዝቕረበሉእታወታትንኣጠቓቕማቴክኖሎጅንፍርያቱብዓይነትንመጠንንኣብ ምምጥጣንጉድለትዘለዎእኳእንተኾነኣብዝበዝሕገጠራትክልልናዝሃነፅናዮ ሰራዊት ንዘጋጠመና ሓደጋ ድርቂ ሓዊሱተወሳኺጉልበትፈጠሩ ቀፂሉ ኣሎ።ናይክረምቲእቶትምስሳንከምቲናይመስኖሰራዊትኣብኣተሓሳስብኡ፣ኣወዳድብኡ፣ ክእለቱ፣ ኣወፋፍርኡን ኣመራርሑኡን ብመሰረቱ ተመሳሳልን ኣብ ኣጠቓቕማ ውፅኢት ቴክኖሎጂ’ውን ከከም ናይ ኣግሮ ኢኮሎጂ ኩነታት ዝነበረ ክፍተት እናፅበበ ክነጥፍ ኣብ ምኽኣል ተወሳኺ ጥንካረ ፈጢሩ እዩ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ሰራዊት ነቶም ዝነበርዎ ጉድለታት ንምምላእ ዝሰራሕናሉ ዓመት ብምኳኑ ምትእስሳር ሕርሻንኢንዱስትሪንክዓቢ፣ኣብገጠርንከተማንኢኮኖሚያዊምትእስሳርክጠናኸርዝህልዎኣበርክቶንምዕባይኣብኩሎምመደባትናት ራንስፎርመሽንኣብምርግጋፅዝነበሩ ክፍተታት ንምፍታሕ ዝሕግዙ ስራሕቲ ምስራሕ ጀሚርና ኣሎና።ኣብሕርሻትራንስፎርሜሽንዘምፅእ ዓንዲ ዘራእቲ መሰረት ዝገበረ ክላስተራዊ ኣወዳድባ ዝሓዘ፣ብናይምስፋሕስትራተጂዝፍፀምንብሉፃትተሞኩሮታትናኣካቲቱክዳሎንበብደረጅኡምርድዳእክግበረሉብምግባር ብፍላይ ድማ ናይ ሕርሻ ማሓውርና ነዚይ ክዓምም ብምድላውናብ ናይተግባር ምርብራብኣቲናኢና፡፡ናይ ምድላው ስርዓት ብደረጃ ጣብያ’ውን ብቕዓቱ ሓልዩ ክዳሎ ሰፊሕ ፃዕርን ምንቅስቓስን ተገይሩ እዩ።ፈፀምቲ ብብቕዓት ንምድላው መበገሲ ትልሚ፣ ኣወፋፍራ እቲ ሰራዊት ዘጠናክርን ንኣሰራርሓታት ዝሕግዙ መምርሒታት፣ በቢከባቢኡ ዝተረኸቡ ብሉፃት ስራሕቲ ማእኸል ጌሩ ዝተጠመረ ብሉፅ ተሞኩሮ ከምኡ’ዉን ማንዋላት ገምጋማዊ ስልጠና ብምድላው ብዝሐሸ ኣገባብ ክስራሕ ክኢሉ እዩ።

ግልጋሎት ሕርሻ ኤክስቴንሽን ውፅኢታውን ተበፃሕን ንምግባር ካብዚ ብምብጋስ መፍረይነት ምህርቲ ዘመን 2008/09 ብዝሐሸ ብቕዓት ንምፍፃም ዘኽእል ስልጠናታት ካብ ክልል ክሳብ ሓረስታይ ብስፍሓት ተኻይዶም እዮም። ናይዚ ዓመት ናይ መፍረይነት ምድላው ስልጠና ካብቲ ዝሓለፈ ዝወሃብ ዝነበረ ስልጠና ፍልይ ዘብሎ ሞዴልን ዘይሞዴልን ሓረስታይ ነፂርካ ክፍተቶም ዝምልእ ስልጠና ክወሃብ ምኽኣሉ እዩ። ካብዚ ተላዒሎም እቶም ሞዴል ገባራት ብዝረኸብዎ ተወሳኺ ዓቕሚ ተሓጊዞም ነቶም ሞዴል ዘይኮኑ ከሰልጥኑን ክሕግዙን ከም ውፅኢቱ ድማ ሞዴል ገባራት ብስፍሓት ክፍጠሩን ዝዓለመ ስልጠና ተዋሂቡ እዩ።

ኣብ ናይ ቅድመ መጠንቀቕታን ግብረ መልስን መደባትና እዉን ኣብ እዋን ምድላው ፈፀምቲ ነቲ ሐዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ድርቂ ዝፃወር ዓቕሚ ሃኒፅና ስለ ዘይፀናሕና ዘጋጠመ ምኺኑ ምርድዳእ ዝተገበረሉ እንትኸውን ብሰንኪ ተፀባዪ ኣተሓሳስባ ቆንጢርካ ዝተሓዝ መደብ ክህልወና ከምዘይግባእ የግዳስ ብዝለዓለ ሕራነ ብምንቅስቓስ ክንምክቶ ከም ዘለና ኣብ ሙሉእ ምርድዳእ ብምብፃሕ ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ድርቂ  ዝምክት ክልላዊ ትልሚ ኣዳሊና ናብ ተግባር ኣቲና ኢና፡፡ ከም ውፅኢቱ'ውን ኮሎም መዳርግቲ ኣካላት ተዋዲዶም ዝነኣድ ምንቅስቓስ ብምግባር እቲ ድርቂኣብ ሰብ ይኹን ኣብ እንስሳ ሓደጋ እንተይኣብፅሐ ንምክልኻል ክኢልና ኢና፡፡ኣብ ክልልና ዘጋጠመ ድርቂ ንምፅዋር ኣብ ገሊኡ ወረዳ ኣብ ካሊእ ከባቢ ብዝወቕዐ ማይ ዝወረደ ውሑጅ ጥራሕ ዝተረኸበ ማይ ብውሕሉል ኣገባብ ተጠቒሞም ንሰብን እንሰሳን ቀለብ ዝኻኣሉ እንትኾኑ ኣብ ገሊኦም'ውን ሓረስቶት ብማሕበር ብምውዳብ ብምርምር ተሓጊዞም ሙሉእ ፓኬጅ ብምጥቃም ሙሩፅ ዘርኢ ስርናይ ብኩታ ገጠም ብምልማዕ ኩሉ ክመሃረሉ ዝኽእል ብሉፅ ስራሕ ክሰርሑ ኪኢሎም እዮም።

## 2.<u>ኣብከተማደኣንትማእኸልዝገበረ ከይዲህንፀትልምዓታዊሰራዊት ብዝምልከት</u>

ኣብ ከተማታት ልዕልነቱ ሒዙ ዝፀንሐ ናይ ክራይ ኣካብነት ፖለቲካዊ ኢኮኖሚ ንምድኻም ከም መሰረት ኮይኑ ዘገልግል ናይ ደኣንት ልምዓታዊ ሰራዊት ብዝበለፀ ንምጥንኻር ዝሐሹ ስራሕቲ ኣብዚ ዓመት ተሰሪሖም እዮም። ልምዓታውን ዲሞክራስያውን ኣታሓሳስባን ተግባርን ዘለዎ ልምዓታዊ ሰራዊት ደኣንት ምፍጣር እቲ ዝበዝሐ ሕብረተሰብ ከተማ ምቕያር ምኺኑ ብምእማን ነዙይ ንምርግጋፅ ሰፊሕ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ። ኣብ ከተማታትና ፍትሓዊ ኢኮኖሚያዊ ተጠቃምነት ንምርግጋፅን ሽኻል ልምዓታውነት ካብ ምኺንን ሓሊፎም ኣብ ዕብየት ማንፋክቸሪንግን ቴክኖሎጅን ከምኡውን ንሰደድ ዝውዕል ፍርያት ኣብ ምፍራይ ብድምሩ ኣብ ከተማታት ዕብየትን ስግግርን ኣብ ምርግጋፅ ቀፃሊ ዓቕሚ ምኺኖም ተሓሳቢ ዝገበሩመደባት ተፈፂሞም እዮም።

ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና በጀት ዓመት ጀሚርና ክንፈትሖም ዝግበኡና ጉድለታት ኣነፂርና ዓቕምታትና ኣብ ምጥንኻር ትኹረት ሂብና ብምስራሕናለምዘበን ኣብ ርእሲ ገምጋማትን ልውውጥ ተመክሮ ምክያድን ዓቕሚ ኣመራርሓ፣ ክኢላታትን መዳርግትን ንምዕባይ ኣብ ኢንተርፐርነርሺፕ፣ ካይዘን፣ ስትራተጅታትን መምረሒታትን ደኣንት ዝነበሩ ክፍተታት ንምምላእ ሰፋሕቲ ስልጠናታት ተዋሂቦም እዮም። ሐዚ ድማ ብርኪ ስግግር ዝፈፀሙ ብፍላይ ድማ ኣብ ማንፈክቸሪንግ ንዝተዋፈሩ ንምድጋፍ ዘኽእል ፍሉይ ኣወዳድባ ናብ ምፍጣር ንሰግረሉ ኩነታት ይፍጠር ኣሎ።ስለዝኾነ'ውን ነቲ ዝተፈጠረ መባእታዊ ናይ ሰራዊት ምንቅስቃስ ዓቕሚ ደኣንት ንምህናፅን ብዝበለፀ ንምጥንኻርን ንቕድሚት ዝወስዱሰሪሕቲ ምትግባር ጀሚርናኣሎና።

ኣብ ከተማታትን ዕሽል ከተማታትን ትካላት ኣብያተ መዘጋጃ ዳርጋ ዘየለዋ ምኺነን፣ ምሕደራ መሬት ካብ ተግባራት ኪራይ ኣካብነት ከምዘይተናገፈ፣ ምስ ኢንቨስትመንትን ንግድን ዝዛመዱ ግልጋሎታት ጉድለታት ምህላዎም፣ ናይ ውሽጢ ዓዲ ባዓል ሃፍቲ ናብ ማንፋክቸሪንግ ክኣቱ ኣብ ምግባር ዓብዪ ክፍተት ምፍጣሩ፣ ኣብ ኣወሳስና ግብሪ ብፍላይ ኣብ መሸጣን ኪራይ ገዛን ጉደለት ምህላዉ፣ ብሽም ኢንቨስትመንት ብነፃ ቐረፅ ዝፍፀም ተግባር ኪራይ ኣካብነት እናተፈለጠ ቃልሲ ከምዘይተገበረሉ፣ከተማታት ብፕላን ንምምራሕ ዓበይቲ ጉድለታት ይፍፀሙ ምህላዎም፣ ኣብ ውሳነታት ምውሳን ሰፊሕ ፍርሒ ምህላዉን እቲ ፍርሒ ኣብቲ ሴክተር ዳርጋ ትካላዊ ናብ ምኺን ከምዝሰገረ፣ ንዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ከተማታት ፊት ንፊት ፀገሞም ዘይምስማዕን ዘይምርካብን ሰፊሕ ምኺኑ፣ሰራሕተኛታት ብፍላይ ኣብ ክልል ብርኪ ምስ መራሕቶም ብቐረባ ከምዘይዝትዩ፣ ወዘተ ካብ ላዕለዋይ ኣመራርሓ ክሳብ ውልቀ ፈፃሚ ብዝርዝር ብምግምጋምን ብንቕቓፍን ከምኡ'ውንዘድሊ ስጉምቲ ብምውሳድ ለምዘበን ነዚኦም ንምፍታሕ ዘኽእሉ ብርክት ዝበሉ መደባት ምትግባር ጀሚርና ኣሎና።

ስለዝኾነ'ውን ቅድሚ ኹሉ ዕምቆትን መልካዓትን ናይቶም ፀገማት ንምርዳእን ብቐደም ሳዓብ ተሰሪዖም ኣቐዲምካ ነቶም ገዜ ዘይህቡ ንምፍታሕን ክሕግዝ ካብ መቐለ ከተማ ካብ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝተወከሉን ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝሓወሰ ኽባቢ 250 ዝተሳተፍሉን እቶም ዘለዉ ፀገማት ብግልፂ ዝተዘተየሉን ከም መበገሲ ዝውሰድ ፈላማይ መድረኽ ተሳሊጡ እዩ፡፡ነተን ዝተልዓላ ፀገማት ቀልጢፈን ዝፍትሓ ጭቡጥ መፍተሒ ንምቕራብ፣ ብዘላቒ ዝፍትሓ ማዓዝን ብኸመይ ከምዝፍትሓ፣ ብጉጉይ መንገዲ ዝተረደእዎ መብርሂ ንምሃብ ድሕሪ 2ተ ሰሙን ንምርኻብ ቆፀሮ ሒዞም ተሰፋ ሰኒቖም ዝኸድሉን ኣብ ክልልና ዝርከባ ከተማታት ዘለዉ ፀገማት ንምፍታሕን ብቐፃሊ ልምዓታዊ ሰራዊት ንምህናፅን ንምድላው ምዕራፍ ዘሳልጥ እታዎት ዝተረኸበሉ መድረኽ እዩ ኔሩ፡፡

ኣብ ውሽጢ 2ተ ሰሙን እቶም ዝነበሩ ተሳተፍቲ ደጊሞም ክእከቡ ብምግባር ነተን ዝተልዓላ ፀገማት ብብኣከሉ ብምርኣይን ጭቡጣት መፍተሕታትን መብርሂታትን ብምድላው ተወሲኖምን ተጠሚሮምን ዝቐረቡ ኮይኖም ነቶም ዓመታት ዝሳኣንዎምን ኣብ ሰሙናት ዝተወሰኑ ውሳነታትን ብፍሉይ ኣስተማቒሮም ውድብናን መንግስትናን ቆሪፅኩም ከምዝኣተኹም ኣረጋጊፅና ኣሎና፣ ኣብ ጎንኹም ኮይንና ክንቃለስ ኢና፣ ኣጀኹም በርትዑ፣ ዝብል መልእኽትን መንፈስን ፈጢሮም እዮም፡፡ እቶም ዝተወሰኑ ውሳነታት ንመቐለ ከተማ ጥራሕ ዘይኮነስ ንመላእ ክልል ብምንባሩን ብሚድያን ብስሩዕ ሰነድን ናብ ኩሉ ብምብፀሑን፣ ኣብ ከተማታትና ዘለዉ ፀገማት ናይማን ክፍተሑ እዮም ዝብል መንፈስ ተፈጢሩ፣ ነዚይ ከም ስንቂ ወሲድና ናብ ቀፀልቲ ሰፋሕቲ መደባትን መድረኻትን ተሰጋጊርና ኢና፡፡

ብፍላይ ኣብ ከተማታት ንህዝቢ ፊት ንፊት ኣብ ምርካብን ሰሚዕኻ ቅልጡፍ ፍታሕን ውሳነን ኣብ ምሃብ ዝነበረ ዓብዪ ጉድለት ብዝሰብር መንገዲ ብብኸተመኡ ህዝቢ ንምርካብንመፍተሒታት ዝቕመጠሉን ኩነታት ተፈጢሩ እዩ፡፡ ኣብዚ በጀት ዓመት ኣብ ኩለን ከተማታት ካልኣይ ዙር ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብ ዘተ ኣብ ዘካየድሉ እዋን ንዝመፀ ለውጢ ምምስጋንን ምትብባዕን ኣብርእሲ ምጅማሩ ኣብ ቀፃልነቱ'ውን ኢዱ ከምዝሓውስን እቶም ጉድለታት ከምዝፍተሑ ብጭቡጥ እምነት ከምዘሕደረን ምግላፅ ምጅማሩ ከምዓብዪ ዓወት ቆፂርና ኣብ ዝቕፅል ዓመትውን ዝበለፀ ንምስራሕ ዘኽእል ኩነታት ተፈጢሩ እዩ፡፡ስለዝኾነ'ውን ዝተርኣዩ ፀገማት ብብዓይነቶም ተፈልዮም ኣብ ምርድዳእ እናተበፅሐ ነዚኦም ዝፈትሑ ኣሰራርሓታት እናወፁ ተግባራዊ ምግባር ምጅማርናን  በቐንዱ ድማ ውሽጠዊ ፅሬትና ንምርግጋፅ ብዝተኻየደ ሰፊሕ ቃልስን ኣብ ከተማታትና ህንፀት ልምዓታዊ ሰራዊት ንምስላጥ ዝሕግዝ ኩነታትይፍጠር ኣሎ እዩ፡፡

ኣብ ኣብያተ መዘጋጃ ዘሎ መሓውር ብሓደሽቲመናእሰይ ሰብሞያታት ንምጥንኻር ዘተባብዑ ስራሕቲ ዝተጀመሩ ኮይኖም ኣብ ክልል ብርኪ ዝርከቡ ኩሎም ኣመራርሓን ሰብ ሞያታትን ዝተሰርሑ ፅቡቓት ስራሕቲ ኣብ ከተማታት ንዝህነፅ ሰራዊት ንምድጋፍ ዘኽእል ናይ ምልዕዓል መንፈስ ምፍጣር ጀሚሩ ኣሎ፡፡

**ዝተኸበራ ኣፈ-ጉባኤ**

**ዝተኸበርክንን ዝተኸበርኩምን ኣባላት ቤት ምኽሪ**

## 3.<u>ህንፀትልምዓታዊሰራዊትሓለዋጥዕና ብዝምልከት</u>

ምክልኻል ማእኸል ዝገበረ ናይ ጥዕና ፓኬጃትና ብምጥቃም ደቂ-ኣንስትዮ ማእኸል ገይርና ብዝወላዕናዮ ሕብረተሰባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ገጠር መሰረታዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ኣድማዒ ውፅኢት ኣብ ምምፃእ ዝነበረና ጥንካረ ለምዘበን'ውን

ተጠናኺሩ ቀፂሉ ኣሎ። ደቂ ኣንስትዮ ማእኸል ዝገበረ ምንቅስቓስ ደቂ ተባዕታዮ’ውን ዝነበሮም ናይ ኣተሓሳስባ ሽግራት እናተዳኸመ ኣካል እቲ ምንቅስቓስ ኮይኖም ክበቕዑ ዝግባእ ምዃኑ ኣቐዲምና ዘቐመጥናዮ ኣንፈት ኣብ ምትግባር እናተጠናኸረ ይኸይድ ኣሎ።

ኣብዚ ዓመት ትኹረት ሂብና ክንፈትሖም ዝግብኡ ድኽመታት ገምጊምና ኣካል ምድላው ፈፀምቲ ዓቕምታትናን ናይ ተግባር ምርብራብናን ጌርናንምስራሕ ዝሐሸ ፃዕሪ ጌርና ኢና። ክፍተታትና ንምምሕያሽ ኣብ ሕሉፍ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ተታሒዞም ዝነበሩ መደባት ዝነበሮም ብርኪ ኣፈፃፅማ ብጥንካረን ድኽመትን ድሕሪ ምግምጋም ንዝምልከቶም ኣካላት ክቐርብ ተገይሩ እዩ፡፡ ኣብ ካልኣይ ትልሚ ዕብየትን ሽግግርን ጥዕና ተታሒዞም ዘለው መደባት ብፍላይ ድማ ናይ ጥዕና ሴክተር መሰረታዊ ስግግር ከመይ ከምዝረጋገፅ ዝተዳለወ ስትራተጂክ ሰነድ ግልፅነት ንምፍጣር ተሰሪሑ እዩ፡፡ትልምታት ንታሕቲ እንዳወረዱ ብዝኸዱ ቁፅሪ ኣፍልጦን ብቕዓት ኣብ ምጉዳልን ክፍተተ ምህለዉ ተነፂሩ ናይ ምስትኽኻል ስራሕ ተሰሪሑ እዩ፡፡

ኣብ ሕድሕድ መድረኽ ድማ ኣብ ዘፈር ጥዕና ዘጋጥም ዘሎ ፀገም ሰናይ ምምሕዳርን ቃልሲ ኣከብነት ክራይን ዘድሃበ መቀፃፀሊ ሰነድ ተዳልዩ ምይይጥ ብምክያድ ኣብዚ በጀት ዓመት ንዝመፀ ለውጢ ተወሳኺ ዓቕሚ ኮይኑ እዩ፡፡ሆስፒታላት ክልልና ዘለወን ኣፈፃፅማ ንምምጥጣን ፈተሽ ዝተኻየደ እንትኾን ዝተረኸበ ውፅኢት መሰረት ብምግባር ድማ ኮንፈረንስ ተሳሊጡ እዩ፡፡ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ዝርገሐ ሕማም ኤች ኣይቪ/ኤድስ ዘሎ ምንቅስቃስ በብዓመቱ  እንዳተገምገመ ኣንፈት እንዳተቐመጠሉዝመፀ እንትኾንሎሚዓመት ነዚ ሽግር ንምፍታሕ ተወሳኺ ፃዕሪ ዘድልዮ ምዃኑ ብምርዳእ ንምስራሕ ፃዕሪ ተጌሩ እዩ፡፡ ኣብ ከባቢ ሰሜን ምዕራብን ክፉል ዞባ ማእኸልን ዘሎ ኩነታት ሕማም ፀላም ከብዲ ንምፍታሕ’ውን ምስ ቢሮ ሕርሻን ገጠርን ልምዓትን ብምትሕብባር ዝሐሸ ስራሕ ተሰሪሐ እዩ፡፡

ኣብዚ ዓመት ኣብ መበል 2ይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ተታሒዞም ዘለው መደባት ከዐውት ዝኽእል ብፍላይ ድማ ኣብ ምርግጋፅ ፅሬትን ፍትሓዊ ተጠቃምነት ጥዕና ዘለው ክፍተታት ብዝምልእ መልክዑን ቀንዲ ትኹረቱ ኣብ ኣሰራርሓመሰረት ንክገብር ዝዓለመ ቃለ መሕትት ተዳልዩ ንሱፐርቪዥን ዘካይዱ ኣካላት እኹል ኦሬንቴሽን ብምሃብ ምውፋር ተኻኢሉ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ሐዚ’ውን ህንፀት ልምዓታዊ ሰረዊት ጥዕና እናተጠናኸረ ኣብ ምጓዓዝ ይርከብ፡፡

## 4.<u>ህንፀትልምዓታዊሰራዊትትምህርቲ ብዝምልከት</u>

ናይ  ለምዘበን መደብ ቅድሚ ምጅማሩ ምስ ፈፀምትን ኣመራርሓን ወረዳታት ብዛዕባ ኣፈፃፅማ መደባት ሕሉፍ ዓመት ዝሐሸ ገምጋም ተኻይዱ እዩ፡፡ ኣብ ኣፈፃፅማ ቀዳማይ ትልሚ ዕቤትን ስግግርን ዝተረፉ ክፍተታት ድሕሪ ምርኣይዝተዳለወ ካልኣይ ትልሚ ዕቤትን ስግግርን ከመይ ከምዝፍፀም ምርድዳእ ተጌሩ እዩ፡፡ ነዚይ ብዝድግፍ ኣገባብ ኮንፈረንስን ጉባኤ ትምህርትን ብምድላው ኣብ  ፖሊሲን ስትራተጅን ንምርድዳእ  ዝሐሸ ምይይጥ ተኻይዱ እዩ፡፡

ፈፀምቲ ዓቕምታት ኣብ ምድላው ዝዓዘዘ ትኹረት ዝገበርናሎም ጉድለታት ውሽጣዊ ፅሬትና ኣብ ምርግጋፅ ብቐንዱ ድማ ኣብ መማህራን ብፍላይ ኣብ ከተማታት ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ተወዲብካን ተወፊኻን ኣብ ምስራሕ፣ኣብ 2ይ ብርክን ልዕሊኡን ንዘሎ ነቲ ቀንዲ ተጠቃማይ ዝኾነ ተምሃራይ ብንጥፈት ክንቀሳቀስ ጌርካ ፅሬት ትምህርቲ ክረጋገፅ ኣብ ምግባር፣ብፍላይ ኣብ ከተማታት ዝርከብ ሕብረተሰብ ኣካል ፅሬት ትምህርቲ ጌርካ ተርኡ ክፃወት ኣብ ምግባር፣ ተግባር ተኮር ትምህርቲ ኣካል ናይ ገጠር ሰራዊት ኮይኑ ነቲ ዕማም ክፍፅም ኣብ ምግባር ትሕት ዝበለ ኮይኑ ብፍላይ ድማ ኣብ ከተማታት ነዚ መደብ ኣብ ምፍፃምን ድኹም ምዃኑ ወሲድና ቀፃሊ ህንፀትና ንምጥንኻር ዝድግፍ ምድላው ፈፀምቲ ኣካይድና ኣብ ተግባር

ምዕራፍ’ውን ነዞም ጉድለታት ንምእራም ሰሪሕና ኢና። ስለዝኾነ ድማ ናይ ትምህርቲ ሰራዊት ብዝበለፀ እናተጠናኸረ ዝኸደሉ ዕድል ተፈጢሩ እዩ።

**ዝተኸበራ ኣፈ-ጉባኤ**

**ዝተኸበርኩም ኣባላት ቤት ምኽሪ**

**5.**<u>**ህንፀትልምዓታዊሰራዊትስቪልሰርቫንትንምንጋስሰናይምምሕዳርን ብዝምልከት**</u>

ኣብ ምስፋን ሰናይ ምምሕዳር ክንድ’ቲ ኣብ ልምዓት ዘረጋገፅናዮ ዓወት ዝመጣጠን ዘይምኟኑ ተረዲእና ቀዳማይ ትልሚ ዕብየትን መሰረታዊ ለውጥንናብ ተግባር እንትሰግር ጀሚሩ ኣብ ክልልና ሰናይ ምምሕዳር ንምንጋስ ትሉም በዝኾነ መንገዲ ነቶም ቀንዲ ፍልፍላት ኪራይ ኣካብነት ዝዓበየ ትኹረት ብምሃብ ሰፊሕ ቓልሲ ምክያድና ዝዝከር እዩ። ኣብ ኣተሓሳስባን ተግባርን ክራይ ኣካብነት ኣብ መንግስቲ፣ ውድብን ሕብረተሰብን ዝግለፀሉ መልክዓት ብምንፃር ካብ ላዕለዋይ ናይ ክልልና መሪሕነት ጀሚሩ ክሳብ ዝተሓተ ብርኪ መሓውርናን ክፋል ሕብረተሰብን ናይ ፅሬት መድርኻት ብምድላው ገምጋም፣ ምንቅቓፍን ሽግሽግን ተኻይዱ ምንባሩውን ዝፍለጥ እዩ።

ኣብ መፋርቕ ቀደማይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ቕላሕታ ዘድልዮም ሴክተራት ዝሓቖፈ ውዳበ ብምፍጣር ከም ሓደ ግንባር ብምንፃር ብኮማንድ ፖስት እናተመርሐ ካብ ክልል ጀሚሩ ክሳብ ጣብያ ትሉም ብዝኾነ ኣገባብ ብቑፃሊ ንምስራሕ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ።ብብሴክተሩን በብብርኩን ዝርከቡ መሓውራት ኣብ ውሽጦምን ንህዝቢ ዝህብዎ ገልጋሎትን ጉድለት ሰናይ ምምሕዳር ንምእራም በብእዋኑ እናፈተሹ ክሰርሑ ካብ ክልል ካቢኔ ጀሚሩ ኣመራርሓን ደጋፍን ተዋሂቡ እዩ። መማሓየሺ ፕሮግራም ስቪል ሰርቪስን ንንሴክተሩ ዝተቐረፁ መማሓየሺ ፓኬጃት ብመልክዕ ምንቅስቃስ ልምዓታዊ ሰራዊት እናተፈፀሙ መቃለሲ ዕጥቂ ንክኾኑ ፃዕሪ ተጌሩ እዩ። ናይዞም ልዕል ኢሉ ዘተገለፁ ስራሕትን ብሓፈሻኡ ድማ ውፅኢት ልምዓትን ተደሚሮም ነቲ ዝነበረ ጉድለት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ምምሕያሽ ኣበርክቶ ዝነበሮም ኮይኑ መሰረታዊ ለውጢ ግን ከምዘይ መፀ ደምዲምና ለምዘበን ነዚይ ንምፍታሕ ሰሪሕና ኢና።

ስለዝኾነ’ውንጉድለት ሰናይ ምምሕዳር ንምእራም ብቐንዱ ካብ ውሽጣዊ ፀገምና ዝፍልፍል ምኟኑ ገምጊምና ኣብዚ ዓመት ሰፊሕ ናይ ኣትሓሳስባ፣ ኣመራርሓን መሓውርናን ፅሬት ንምክያድ ተረባሪብና ተስፋ ዝህብ ኩነታት ፈጢርና ኢና። ብፍላይ’ውን ኣብ ከተማታት ዝነበረና ናይ ሰራዊት ምንቅስቃስን ህንፀትን ብተነፃፃሪ ካብ ገጠር ዝደኸመ ብምኟኑ፣ ብላዕ፣ ወገንነትን ኣድልዎን፣ ምምንጫቕን ስሉጥ ግልጋሎት ዘይምሃብን፣ ናብ ህዝቢ ዘይምቕራብ፣ ዘይምስማዕን ብድፍረት ዘይምውሳንን፣ ወዘተ ዝግለፁ ጉድለታት ሰናይ ምምሕዳር ምህላዎም ምስ ዝተፈላለዩ መግለፅታቶምን ፈፀምቶምን ብዝፈልን ዝእርምን ኣገባብ ሰፋሕቲ ናይ ፅሬት መድረኻት ተኻይዶም ዘድሊ ስጉምቲ’ውንእናወሰድና ትካላዊ ዓቕምና ብቀፃሊ ናይ ምጥንኻርን ስራሕ ይስራሕ ኣሎ።

ለምዘበን ኣብ ምሕደራ መሬት ገፀርውን ሓዊሱ፣ ኣብ ግልጋሎት ቤት ማዛጋጃ፣ ኣብ ኣተማምና ግብሪ መሸጣን ክራይን ገዛ፣ ኣብ ውድድር ንግድን ሰራሕትን ኢንቨስትመንትን፣ ኣብ ዕደጋ መንግስትን ምሕደራ በጀትን፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣካላት

ፍትሕን ፀጥታን፣ ኣወሃህባ ግልጋሎት መብራህትን ማይን፣ ግልጋሎት ትራንስፖርት፣ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎትን ምምሕዳራትጣብያን ብዝተፈላለዩመልከዓት ዘግለፁ ጉድለታት ሰናይ ምምሕዳር ምህላዎም ብዝርዝር ብምግምጋምን ብምንቕቓፍን ናብ ተሓታትነት ከሰግሩን እቶም ዝጎደሉ ብብመልከዖም ተፈልዮም መፍተሒ ክረኽቡን ሰፋሕቲ ስራሕቲ ተፈፂሞም ተስፋ ዝህብ ውፅኢትውን ምርካብ ጀሚሮም ኣለዉ።ሐዚ'ውን በቲ ዝተጀመረሉ ዋዒ ንምቕፃልን ትካለዊ ንምግባርን ይስራሕ ኣሎ።

ኣብዚ በጀት ዓመት ጉድለት ሰናይ ምምሕዳር ንምእራም ካብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ሓዲኡ ብክልል፣ ዞባ፣ ወረዳን ከተማን፣ ከምኡውን ብብርኪ ጣቢያ ምስ ህዝብና ንምርድዳእ ዝተኻየደኣገዳሲ መደብመድረኽ ህዝባዊ ኮንፈረንስ ምክያድና ኮይኑ ኣብዚ ኮንፈረንስ ዝተልዓሉ ፀገማት'ውን ምፍታሕ ምጅማርናን እዩ።እዚ ህዝባዊ ኮንፈረንስ እኹል ጊዜ ተዋሂብዎ ኣብ ኣፈፃፅማ ፈላማይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ዝነበሩጥንካረታትን ድኽመታትን ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ከምኡ'ውን ኣንፈታትን ሽቶታትን ካልኣይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ብዝርዝር ነፃን ኣሳታፋይን ብዝኾነ መንገዲ ምይይጥ ተጌርሉ እዩ። ዝተኻየደ ክልላዊ መድረኽ ከም መበገሲ ብምውሳድ ብዞባ፣ ወረዳ፣ ከተማን ጣብያን ብርኪ ትሉም ብዝኾነ መንገዲ እናተመርሐ ኣብ ዝተኻየዱ ህዝባዊ ኮንፈረንሳት ካብ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ዝተወከሉ ብድምር 24,237 ዝኣኽሉ 96% ብውዑይ መንፈስ ተሳቲፎም እዮም። ብፍላይ ኣብ ዞባ ምዕራብ ዝረአ ዝነበረ ናይ ፀለእቲ ኢድ ምትእትታው ተሓሳቢ ብምግባር ካብ ክልል ጀሚሩ ክሳብ ኣብ ጣቢያ ዘለዉ ልምዓት ጉጅለታትን ውዳበታትን መድረኻት ብትኹረት ተመሪሖም እዮም። እዞም ህዝባዊ መድረኻት ንቃልሲ ፀረ ኪራይ ኣካብነትን መግለፅታቱ ዝኾኑ ኩሎም ድሕረታትን ንምምካት ቃልሲ ዘጎሃህር ህዝባዊ ማዕበል እናፈጠረ ብሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፍን ምውቕ ናይ ባህሊ ምርኢትን እናተዓጀበ ዝኸደ ኮይኑ ኣብ ዝተመረፁ ናይ ልምዓትን ታሪኻዊ ኽባብታትን ዑደት ብምክያድ ውህደት ህዝብናንን ተስፋን ብዘሕድር መልክዑ ተፈፂሙ እዩ።

ኣብ ክልል ዝርከቡ ኣብያተ ዕዮ ክሳብ ታሕቲ ዘሎ ማሓውሮም ዘለውዎም ማሕንቖታት ብምንፃር ትካላዊ ዓቕምታትና ብዘላቕነት ንምድልዳልን ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዝራኣዩ ዘለዉ ጉድለታት ናብ ዝተሓተ ብርኪ ንምውራድ ኣንፈት ተቐሚጡ ሰፋሕቲ ገምጋማዊ ስልጠናታት፣ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ናይ ምምላእ፣ ክትትልን ደገፍን ምግባር፣ ብእተዎታት ናይ ምድጋፍ፣ ክልላዊ መድረኻት ምፍጣርን ኣፍልጦ ናይ ምሃብን ስራሕቲ ተሳሊጦም እዮም። ሐዚ'ውን ብዝሐሸ መልክዕ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ እዮም።

ጎን ጎኑ እዚ ፅሬት ሃፍቲ ህዝብን መንግስትን ንምድሓን ብዝተገበረ ፃዕሪ ተወሪሩ ካብ ዝነበረመሬት ኣብ ምምላስ ዘይሐጋዊ ህንፀት ኣብ ምስትኽኻልን ንብረትን ገንዘብን መንግስቲ ናብ ቦተኡ ኣብ ምምላስን ዝሐሸ ተሰሪሑ እዩ።ሐዚ'ውን ቀፀሊ ቃልሲ ዘድልዮም ዕንቅፋትን ከበድቲ ፈተናታት ምህለዎም ፍሉጥ ኮይኑ ውሽጣዊ ቃልስና ኣብ ምጉህሃርን ህዝቢ ብልቢ ኣሚኑ ተወዲቡ ብውዑይ መንፈስ ክሳተፍን ክቃለስን ኣብ ምግባር ዝነበሩና ጉድለታት ኣብዚ ዓመት እናኣረምና ብምኻድና ብፍላይ ድማ ምስ ህዝብና ብተደጋጋሚ መድረኽ ከፊትና ልባዊ ምርድዳእ ንምግባር ዝላዓለ ፃዕሪ ብምግባርናን ዝጭበጡ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ብምውሳድናን ህዝብና ተስፉ ምግባር ዝጀመረሉን ምንግስቲውን ዝብለፀ ንምስራሕ ዝሐሸ ዓቕሚ እናፈጠረ ዝኸደሉ ኩነታት ስለዘሎ ኣብ ቀፃሊ በጀት ዓመት ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዝላ ንምምዝጋብ እንኽእለሉምችው ሃዋህው ተፈጢሩ ኣሎ።

**ዝተኸበራ ኣፈ-ጉባኤ**

**ዝተኸበርኩም ኣባላት ቤት ምኽሪ**

**ክቡራትን ክቡራንን ዕድሚት ተሳተፍቲ**

**ካልኣይ ክፋል እዚ ፀብፀብ ኣብ ዓበይቲ መደባት ዝጠመተ ኮይኑ ተሰኒዱ ብዝርዝርዝቐረብ ስለዝኾነ ውስናት ነጥብታት ጥራሕ ክቕርብይፈቐደለይ፡፡**

**1.<u>ኣብ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ብዝምልከት</u>**

**<u>ሕርሻን ገጠር ልምዓትን</u>**

ኣብ 1ይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ሕርሻ ንመቀነባበርቲ፣ ንሰደድን ንጠለብ ዕዳጋ ውሽጢ ዓድን ሓሲቡ ትርፊ ፍርያት ዘፍርን ክኸውን ለምዘበን መደብ ሓንፂፅና ምትግባር ጀሚርና ኣሎና፡፡ ቅድሚ ኹሉ ነዙይ ዝፈትሕ ትልሚ 2ይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ሕርሻ ክዳሎ ብምግባር ትራንስፎርሜሽን ሕርሻ ታይ ማለት ምዃኑ ኩሎም ፈፀምቲ ኣካላት ክግንዘቡን እታዎታት ክቐርበሉን ዘኽእል ስራሕተጀሚሩ ኣሎ፡፡ ሓረስታይ ኣብ ዝራእቲ፣ ሃፍቲ እንስሳ፣ መስኖ ይኹን ልምዓትን ኽንኽንን ሃፍቲ ተፈጥሮ ብክላስተር ንምልማዕ ዝገርሕ ኣተላልማ ክህሉ፣ ንዕዳጋ ሓሲቡን እቲ ኣግሮ ኢኮሎጂ መሰረት ዝገበረ ዓንድ ፍርያት ናብ ምፍራይ ክኣቱ ዘግብር ስራሕ ተጀሚሩ እዩ፡፡ ነዙይ ዘፈፅም ፓኬጃት ሃፍቲ እንስሳ፣ ዝራእቲ፣ ተፈጥሮን ኣትኽልትን ፍራምረን ተዳልዩ ናብ ተግባር ኣብ ምፍፃም ይርከብ፡፡

ትራንስፎርመሽን ሕርሻ ዝድግፉ ኣወዳድባ ኣብ ጣብያታት ክጠናኸር፣ ማእኸል ሰብ ስራሕ ምድቓል ኣብ መቐለ ክጣየሽን ብላቫራቶሪ ክጠናኽርን ሰብ ሞያታት ክስልጥኑን ተጌሩ እዩ፡፡ብቢሊዮናት ብር ዝግመት ጉልበት ሓረስታይ ዝዓረፎ ሃፍቲ ተፈጥሮ እውን ክላስተራት መሰረት ዝገብረ መፅናዕታት ብምክያድ ኣብ ኮመርሻል ደኒ፣ ንምግብን ኻልኦት ኣገልግሎትን ዝውዕሉን ሂወታዊ ዘይቲ ነዳዲ ክኸውን ዝኽእልን ተባሂሉ ተፈልዩ ቐዳማይ ብርኪ መፅናዕቲ ተጠቓሊሉ እዩ፡፡ ነዞም ጅማሮታት ሒዝና ንምርግገፅ ትራንስፎርሜሽን ሕርሻ ዝሕግዙ ስራሕቲ ኣብ ምትግባር ብቐፃሊ ኣጠናኺርና ክንሰርሕ ኢና፡፡

ኣብ 2008/09 ምህርቲ ዘመን ኣብ ጠሊ ምዕቃብን ምምሕያሽ ልሙዕነት ሓመድን ዝሐሸ ስራሕ ንምስራሕ ምድላው ተገይሩ ናብ ተግባር ተኣቲዩ ኣሎ፡፡ በዚ መሰረት ኣብ 2008/09 ዘበነ ምህርቲ 1.2 ሚልየን ሄክታር ኣብ ኣናእሽተይ ሓረስቶትን ኢንቨስተራትን ብምዝራእ 28.52 ሚልዮን ኩንታል ንምርካብ ሰፋሕቲ ምድላዋት ተጌሮም ኣለዉ።ሞዴል ማ/መ/ሓረስቶት ንምፍጣር ዝተሰርሑ ስራሕቲ ይኹን ምርግጋፅ ሞያዊ ብቕዓትጣብያል/ሰራሕተኛታትናይምዘናብቕዓትኣብ ምክያድ ዘተባብዑ እዮም፡፡ህዝብና ንዕቀባ ማይን ሓመድን ኣብ 20 መዓልቲ ክወፍር ካብ ዝግበኦ ልዕሊ 98% ኸቲቱ እዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ዝነበረ ሕፅረት ዝናብ ንናይ መስኖ ስራሕትና’ውን ፅልውኡቀሊል ስለዘይነበረ ናይ መስኖ ስራሕትና ቀልጢፍና ብምጅማር ዘለዋና ማይ ባንኪታት ብቑጠባ ንምጥቃም ዘኽእልና ምድላዋት ተገይሩ እዩ። ስለዝኾነውን ብመስኖ ክለምዕ ብትልሚ ተታሒዙ ካብ ዝነበረ 232,355 ሄ/ር ክሳብ ሐዚ 90% ለሚው እዩ፡፡ኣብ 2007 ዓ.ም ካብ ዝተተኸለ ፈልሲ ውሽጢ ኽባቢ 74% ብተሳትፎ ህዝቢ ክንክን ተጌሩሉ ኣሎ።

ኣብ መደባትልምዓትንሓለዋ ጥዕናን**ሃፍቲ እንስሳን** ዝተትሓዙ መደባትግልጋሎት ሰብ ስራሕ ምውሳብ፣ክትባት፣ሕክምና፣ምትእትታውዘመናዊ ቆፎን ምምዕባል ፍርያትመዓርንምእካብሽምዒን፣ምትእትታው ዝተማሐየሻ ፍርያትደርሁ፣ምድቓል ዓሌት ከፍቲ፣ ምፍራይ ዓሳ ዝኣምሰሉ መደባትና ተጠናኺሮም ይቕፅሉ ኣለዉ፡፡

ለምዘበን ምስመደባት **ቅድመ መጠንቐቕታን**ግብረ መልስን ዝተኣሳሰሩ ጥንክር ዝበሉ መደባት ሒዝና ተንቀሳቒስና ኢና፡፡ኣብ ሓጋይ ዝተረኸበ ዝናብ ብምሓዝ ኣብ ሰብን እንስሳን ዘጋጠመ ፀገም ዝስተማይ ንምቅላል ዓብዪ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ። በዚ መሰረት 22,527 ሄክታር ዘይእዋናዊ ዝናብ ብምጥቃም፣ ብበልጊ እውን 29,937 ሄክታር ብዝራእቲ ክሽፈን ብምግባር ብድምር 52,464 ሄክታር ብዝራእቲ ክሽፈንተኻኢሉ እዩ።ሓገዝ እኽሊ ብእዋኑ ክዓዓዝ፣ ጥዕና ሰብን እንስሳን ክትትል ክግበረሉ፣ ተሞሃሮ ኣብ ማኣዲ ትምህርቲ ክይፈናቐሉ፣ዝሓሸ ክራማት ካብ ዝነበሮም ዞባታት መናእሰያትን ሕ/ስ/ማሕበራትን ብምውፋር ሳዕሪ ክዕፀድንዝተመጣጠነ ምግቢ እንስሳ ክዳሎን ብምግባር ንተጠቀምቲ ክባፃሕ ተገይሩ እዩ። ካብ ፌደራልን ክልልናንዝተመደበበጀትዉን ብኣግባቡ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ተገይሩ እዩ። ስለዝኸነውን እዚ ዘጋጠመና ከቢድ ናይ ድርቂ ሓደጋ ኣብ ርእሲ ምምካትናድርቂ ዝፀውር ኢኮኖሚ ናይ ምህናፅ ጉዕዞና ብዝበለፀ ኣጠናኺርና ናብ ምርብራብ ኣቲናኣሎና።

ዘመናዊ ምሕደራ ገፀር መሬት ንምፍጣር 2ይ ብርኪ ሰርቲፊኬት ምዝገባን ምሕንፃን 755,398 ግራት ክምዝገብ ብምግባር 482,552 ሰርተፊኬት ክዕደልዝተገበረ ኮይኑ ነቲ ትካል ኣብ ምዕራይን ንመዳርግቲውን ዝሓወሰ ግንዛበ ኣብ ምዕባይን ዝሐሹ ስራሕቲ ተፈፂሞም እዮም። ኣብ**ሕብረት ስራሕ ማሕበራት** ሓደሽቲ ኣብምውዳብ ነባራት ምጥንኻር ተወሲኽቲ ኣባላትምፍራይ፣ካፒታል ምውህላልስራሕቲ ብዝሓሸ መንገዲ ዝተጀመሩ ኮይኖምኣብ ኣግሮ ፕሮሰሲንግ ምእታው ዝጀመራ'ውን ይፍጠራ ኣለዋ።ሓረስቶት ካብ ፍርያቶም ተረባሕቲ ንምግባር ናይ ድሕሪ ምህርቲ ቴክኖሎጂታት ብምትእትታው ፍርያቶም ክብሪ ወሲኹ እቶቶም ክዓቢ ንምግባር ስልጠናታት ተዋሂቦም እዮም፡፡ስራሕቲ **ምርምር ሕርሻ**ዘመናዊ ሕርሻ ንምፍጣርንትራንስፎርመሽን ንምርግጋፅን ኣበርክቶ ንምግባርኣብ ምርምር ዘራእቲኣብ ሃፍቲ እንስሳን ሃፍቲ ተፈጥሮን'ውን ናይ ምርምር ስራሕቲ ኣብ ምስራሕን ብብእዋኑ ኣብ ምጥንኻርን ይርከብ።

**ዝተኸበራ ኣፈ-ጉባኤ**

**ዝተኸበርኩም ኣባላት ቤት ምኽሪ**

<u>***መደባት ከተማ ልምዓት***</u>

ዛጊድኸባቢ 36 ሽሕ ኢንተርፕራይዛት ተጣይሸን 84.2% ናይዚ ዓመት ትልሚ ተፈፂሙ እዩ፡፡ ኣብዘን ዝተፈጠራ ሓደሽቲ ኢንተርፕራይዛትን ነባራት ብምጥንኻርን ብርክት ዝበለ ዕድል ስራሕ ተፈጢሩ እዩ፡፡ ናይ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ካብ ብርኪ ናብ ብርኪ ንምስግጋር ካብ ትልሚ ልዕሊ 85% ተፈፂሙ እዩ፡፡ መሰልጠኒ ማእኸላትና ንምጥንኻርኣብ ከይዲ ህንፀት ዝነበሩ 9ተ ሓደሽቲ ኮለጃት ህንፀትን ተጠቓሊሉናይ ማሽነሪ ዕድጊት ተፈፂሙ ንብረት ኣብ ምእታው ስለዘሎ ከም ክልል ኣብ ቀፃሊ ዓመት 37 ትካላት ብሙሉእ ዓቕመን ስልጠና ንምሃብ ዘኽእል ኩነታት ይፍጠር ኣሎ።

ካብ ኢንዱስትሪ ሴክተር ዝርከብ ናይ ወፃኢ ንግዲ ኣታዊ ንክዓብይ ምቹው ኩነታት ብምፍጣር ከሳብ ሕዚ 25 ሚሊዮን ዶላር ኣታዊ ክህሉ ተተሊሙ 91 ሚልዮን ዶላር ካብ 7 ትካላት ጥራሕ ተረኺቡ እዩ። ዝተተከኣ ዓይነት ፍርያት ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪ ብዝምልከት ብትልሚ ዝተተሓዙ ዓይነታት ፍርያት 5ተ እንተኾኑ ዝተተከኡ ዓይነታት ፍርያት 14 እዮም።ኣብ ክልልና ግልጋሎት ኢንቨስትመንት ዝውሃበሎም ቦታታት 21 ዝበፅሑ እንተኾኑኣብዚ ዓመትን1,015ፕሮጀክታት ፍቓድ ንምሃብ ተተሊሙ ን1,289 ፕሮጀክትታት ፍቓድ ተዋሂቡ እዩ።ኣብዚ ዓመት ኢንቨስትመንት 12.6 ቢሊዮን ብር ንምምዝጋብ ተተሊሙዛጊድ ልዕሊ 14 ቢልየን ብርብምምዝጋብ ዘተባብዕ ውፅኢት ተመዝጊቡኣሎ፡፡

ኣብ ምልማዕን ምሕደራን **መሬት ከተማ** ዝረኣዩ ብርክት ዝበሉ ጉድለታት ንምፍታሕ ዝሕግዙ መደባት ተሓንፂፆም ብዝሓሸ ኩነታት ምትግባር ጀሚሮም ኣለዉ፡፡መሬት ንተጠቀምቲ ምትሕልላፍ፣ምፅፋፍ ነባር ትሕዝቶ፣ ናብ ከተማ ንዝኣተዉ ገባራት ግዚያዊ መጥቀሚ ሰርትፍኬትምሃብ፣ዘይሕጋዊ ህንፀትምቁፅፃርዝኣምሰሉ ስራሕቲ ብዝሓሸ መንገዲ ምትግባር ጀሚሮም ኣለዉ፡፡ ንዓበይትን ዕሽል ከተማታትን ዝኸውን ዘድሊ ፕላን ኣብ ምድላው፣ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት ብፍላይ ኣብ እምኒ ምንፃፍ ዘለዉ ስራሕቲምትግባር፣መፅናዕትን ኣፍልጦን ዕሽል ከተማታት ከምኡ'ውን መደባት ፅሬትን ፅባቐን ዝተትሓዙ መደባት ብዝሓሸ መንግዲ ምትግባር ዝጀመሩ ኮይኖም ብዝበለፀ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ እዮም።

## 2. <u>መሰረተልምዓት</u>

ኣብዚ ዓመት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ክልልና ናብ ጣብያታት ዝዝርገሑ **መንገድታት** ይኹኑ ስራሕቲ **ህንፃታት** ዝተሳለጡ ኮይኖምካብ ህንፀት መንገዲ ብኢንተርፕራይዝ ስራሕቲ መንገድታት ትግራይ ኣብ ሽዱሽተ ፕሮጀክትታት ኣብ ህንፀት ካብ ዝርከቡ ዛጊድ 50 ኪ.ሜ ተፈፂሙ እዩ ፡፡

ኣብ ቀረብ **ማይ መስተ**ካብተን ብድርቂ ኣዝየን ዝተጠቕዓ 21 ወረዳታት ውሽጢ ንዝርከብ 1.2 ሚልዮን ህዝቢ ን290 ጣብያታት ፍሉይ ትኹረት ብምሃብ መንግስትን ዘይመንግስታዊ ኣካላትን ብምትሕብባር ንመስተ ሰብን እንስሳን መስኖን ግልጋሎት ዝውዕል ዝሓሸ በጀት ብምምዳብ 45 ናይ ጉድጓድ ፓምፕን 38 ጀነረተራትን ብምትእኽኻብ ነቲ ዘጋጠመና ሓደጋ ንምክልኻልን ብዘለቅነት ንምፍታሕን ዘኽእሉ ስራሕቲ ተተግቢሮም እዮም፡፡ ህንፀት ሓደሽቲ ስትራክቸራትውን**ንስሩዕ መስኖ** 36,008 ሄክታር (91.7%) ንሓጋዚ መስኖ 16,098 (117%) ተጠቓሊሉ ናብ ምልማዕ ንምስጋር ድልው ኮይኑ ኣሎ፡፡ ብድምሩ ኣብ ህንፀት መስኖ ኣብ ኢድ ንእሽተይ ሓረስታይ ካብ ዝርከብ 933,107ሄክታር መሬት እቲ 365,565 ሄክታር (39.2%) ብምህናፅ ንልምዓት ባህላውን ዘመናውን መስኖ ዓቕሚ ተፈጢሩ ኣሎ፡፡

**3.**<u>**ማሕበራዊግልጋሎት**</u>

ኣብ ምርግጋፅ ፅሬት **ትምህርቲ** ዝተትሓዙ መደባት ብዝሐሸ መንገዲ ምትግባር ዝተጀመሩ ኮይኖም ኣብ ክልልና ብድርቂ ተጠቃዕቲ ተባሂለን ካብ ዝተታሓዛ ወረዳታት ኣብ 675 ኣብያተ ትምህርቲ ዝርከቡ 303,509 ቀዳማይ ብርኪ ተምሃሮ ብመንግስቲ ዝተመደበ በጀት ፕሮግራም ምገባ ኣብያተ ትምህርትን ተኻይዱ እዩ፡፡ኣብዚ ዓመት ተበፃሕነት ትምህርቲ ንምዕባይ ተምሃሮ ኣብ ቀረባበኦም ኮይኖም ዝመሃሩሉ ኩነታት ንምፍጣር ቀዳማይ ብርኪ 55 ዝተወሰኸ እንትኾና ኣብ ካልኣይ ብርኪ ድማ 15 ተሃኒፀን እየን፡፡

ኣብ ሓለዋ **ጥዕና** ምክልኻል ማእኸልና ጌርና ኣብ ኣዋህባ ግልጋሎት ዝነበሩ ሽግራት ንምፍታሕውን ዝሐሹ ስራሕቲ ተተግቢሮምእዮም፡፡ ኣብ ቀረብ ትካላት ዝነበረ ፀገም ንምምሕያሽ ካብ ዝነበራ ነበራት ሆስፒታላት ብተወሳኺ ኣብ 22 ወረዳታት መባእታዊ ሆስፒታል ንምስፍሕፉሕ ዝተጀመረ ስራሕ እተን 7 ህንፃኣን ተዛዚሙ ግልጋሎት ብምጅማርነተን ዝተረፉ ኣብ ምምላእ ንርከብ፡፡ ኩነታት ሞት ኣዴታት ዝምልከት ኣብ 11 ኣዋርሕ 100 ኣዴታት ብሰንኪ ጥንስን ሕርስን ሞት ዘጋጠመን ብምኧኑንኣብ ምክልኻል ምትሕልላፍ ኤች ኣይ ቪ ኤይድስ ዘሎ ኣፈፃፀማና ዝበለፀ ክንሰርሓሉ ዝግባእ ብምኧኑ ዝበለፀ ክጠነኸር እዩ፡፡

ኣብ ምቅላል **ማሕበራዊ** ፀገማት ዝተትሓዙ መደባት ኣፈፃፀመኦም ብምምሕያሽ ውዳበታት ጥምረት ክንክን ማሕበረሰብ (ሲሲሲ) ንምጥንካርን ሓደሽቲ ንምጥያሽን ዝተትሓዘ መደብ ዝሐሸ ኣፈፃፀማ ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ሞንጎ ኣስራሕን ሰራሕተኛታትን ኣብ ስራሕ ቦታ ዝፍጠሩ ጎንፅታት ዝለዓሉ ጥርዓናት ብስምምዕነት ክፍትሑ ንምግባር ዝተሰርሐ ስራሕውን ዘተባብዕ እዩ፡፡

**4.**<u>**ፍትሕን ፀጥታን**</u>

ኣብ **ፀጥታ** ሓይልና ገበን ኣብ ምክልኻል ይኹን ንዝተፈፀመ ገበን ናብ ሕጊ ኣብ ምቕራብ ዝተጀመሩ ስረሕትን ብፍለይ ድማ ማሓውሩ ብምፅራይ ነቶም ብሉፃት ኣፍልጦ ብምሃብ ንዝበለፀ ስራሕ ኣብ ምልዕዓልን ዘተባብዑ ኮይኖም ኣብ ሓደጋ ትራፊክ ዘሎ ፀገም ኣብዚ ዓመት 6.68% ወሰኽ የርኢ ስለዘሎ ብዕቱብ ክንሰርሐሉ ዝግባእ እዩ፡፡ሰብኣዊ መሰላት ናይ ሕጊ ተሃነፅቲ ንምሕላውን መፍርይቲ ንምግባርን ፅቡቛት ስራሕቲ ኣብ ርእሲ ምፍፃሞም ብምክንያት መበል 25 ዓመት ናይ ብር እዮቤል ዓወት 20 ጉንበት ን1,440 ይቅርታ ሂቡ እዩ፡፡

**ፍትሕን** ሰናይ ምምሕዳርን ኣብክልልና ብምሉእነት ከይሰፍን ዕንቅፋት ኮይኑ ዝፀንሐ ኣተሓሳስባን ተግባርን ኣካብነት ክራይ መሰረታዊ ለውጢ ንምምፃእ ዝተፈላለዩ ተግባራት ዝተሰርሑ ኮይኖም መስርሕ ግልፅነትን ተሓታትነትን ብምትእትታው ፍትሒ ከይረጋገፅ መሓንቖ ኮይኖም ዝፀንሑ ፀገማት ብምፍላይ ሰፊሕ ናይ ፅሬት ስራሕ ተኻይዱ ዘተባብዑ ውፅኢታትውን ክረኣዩ ጀሚሮም እዮም፡፡ በዚ መሰረት ሰፋሕቲ ዓቕሚ መዕበዪ ስራሕቲ ኣብ ርእሲ ምትግባሮም ኣስታት 60 ዝኾኑ ሰብ ሞያታት ሕግን ኣከላት ኣመራርሓ ፍትሕን ዝተፈላለየ ስጉምቲ ዝተወሰደ እንትኾን ነቲ ዝተጀመረ ፅቡቕ ስራሕ ኣጠናኺርና ክንቅፅለሉ ኢና።

ብኮሚሽን ስነ ምግባርን **ፀረግዕዝይናን** ዝተጀመሩ ግንዛበ ናይ መዕባይን ብልሹው ኣሰራርሓ ነቒስካ ብምፅናዕ ብገናኡ ነቲ ፀገም ናይ ምክልኻል ስራሕ ዳሓን ጅማሮ ዘሎ ኮይኑኣብ ምዝገባን ምግላፅንሃፍትን ኣብ ጥርጡራት ገበንልዕልነት ሕጊ ናይ ምርግጋፅ ስራሕትን ብቐፃሊ ኣጠናኺርና ክንሰርሓሉ ኢና ።

**5.<u>ኣብ ካልኦት ሴክተራት ብዝምልከት</u>**

**ርክብ ህዝብን መንግስትን** ልምዓታውን ዴሞክራሲያውን ሚድያን ኮሙኒኬሽንን ኣብ ኮሎም ግንባራትና ንምጥንኻር ዝሕግዙ ስፍሕ ዝበሉዓቕሚ ናይ መዕበዪ ስራሕቲ ብምፍፃም ይኹን መልእኽቲታት ኣብ ምምሕልላፍ ፅቡቛት ስራሕቲ ተጀሚሮም ስለዘለዉ ብዝበለፀ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ እዮም። **ኣብ ባህልን ቱሪዝምን** ርእሱ ዝኻኣለ ስትራቴጂ ብምሕንፃፅን ብክላስተራት ብምውዳብን ነዚይ ንምትግባር ዘኽእሉ ስራሕቲ ንምስራሕ ዝነበሩ ክፍተታት ንምምዕርራይን ተስፋ ዝህቡ ስራሕቲ ዝተጀመሩ ኮይኖም ኣካዳሚ **ቋንቋታት** ትግራይውን ተጣይሹ ስረሑ ጀሚሩ ስለዘሎ ብቐፃሊ ብዝበለፀ ንምጥንኻር ክስራሕ እዩ።

ተሳትፎን ተጠቃምነትን **ደቂ ኣንስትዮ** ንምርግጋፅ ኣብዚ ዓመት ብቕዓት ውዳበታትን ኣመራርሓን ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ካብ ክልል ክሳብ ጣቢያታትን ዝተፈላለዩ ትካላትን ዝዘለቑ ዐቕሚ መዕበዪ ስልጠናታት ተዋሂቦም እዮም። ለምዘበን ህንፀትን ዕድል ፈጠራን **መናእሰይ** ብዝሐሸ ኣገባብ ንምጥንኻር ካብ ክልል ጀሚሩ ክሳብ ጣቢያ ሰፋሕቲ ናይ ምፍፃም ዓቕምታት ንምጥንኻርን ውዳበታት መናእሰይ ንምጥንኻርን ተስፋ ዝህቡ ስራሕቲ ተጀሚሮም እዮም። ነዚኦም ሐዝና ብዝበለፀ ዕምቆትን ስፍሓትን ክህልዎም ኣጠናኺርና ክንሰርሕ ኢና።

**ኣካዳሚ ኣመራርሓ መለስ ዜናዊ** ንጉዕዞ ህዳሰና ንምቕፃልን ንምጥንኻርን ዘድሊ ኣመራርሓን ሰብሞያታትን ዓቕሚ ንምህናፅ ዝተጀመሩ ስራሕቲ ዘተባብዑ ኮይኖም ዝበለፀ ክጠናኸሩ እዮም፡፡**ኣብ ስቪል ሰርቪስ**ብክልል ብርኪ ዘሎ ኣወዳድባን ናይ ሓይሊሰብ ኣወፋፍራን ብመፅናዕቲ ተደጊፉ ንክውሰንን ናይ ጀይኤጂ ምዘናን ንምትግባርን ከምኡውን ማዕልቲ ስቪል ሰርቪስ ምስ ምኽባር ዕለት ሰማእታት ብምትእስሳር ንህንፀት ስራሕተኛታት መንግስቲ ንምጥንኻር ዝተጀመሩ ስራሕቲ ዘተባብዑ ኮይኖም ተጠናኺሮም ክቕፅሉ እዮም ፡፡

ለምዘበን ልምዓታዊ ሰራዊት **ምሕዳራ ግብሪ** ብዝበለፀ ንምጥንኻር ግንዛበ ናይ ምዕባይንን2009 በጀት ዓመት ክረምታዊ መደብ ዝሕሽ ምድላው ክግበር ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ ኣብ ኣፈፃፀማ ምእካብ እቶትውን ዝሐሸ ስራሕ ስለኸኾነ ዝበለፀ ክጠናኸር እዩ፡፡ኣብ**ምሕደራ ሃፍቲ**ንዝራኣዩ ክፍተታት ትካላዊ ብዝኾነ ኣገባብ ንምፍታሕ ናይ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ከምኡውን ኣብ ፍልጠትን ክእለትን ዘለዉ ክፍተታት ፈልዩ ንምፍታሕን ከምኡውን ኣብ እተዎት ዘለዉ ክፍተታት ቀረብ መኻይን ሓዊሱ ንምፍታሕ ዝተጀመሩ ዝሐሹ ስራሕቲ ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ክስራሕ እዩ ፡፡

**ዝተኸበራ ኣፈ-ጉባኤ**

**ዝተኸበርኩም ኣባላት ቤት ምኽሪ**

**ክቡራንን ክቡራትን ዕዱማት ተሳተፍቲ**

ኣፈፃፀማ ቀዳማይ ትልሚ ዕብየትን ስግግርን ኣብ ክልተ ወሰንቲ ውድባዊ ጉባኤታት፣ ኣብ ቤት ምኽርን ዝተፈላለዩ ዋዕላታትን ብዝርዝር ከምዝተገምገመ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ገምጋምና እቶም ዝተቐመጡ ሸቶታት መብዛሕትኦም ምዕዋቶም'ኳ እንተተረጋገፀ ልዕልነት ኪራይ ኣካቢ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚ ብፍላይ ድማ ኣብ ከተማታት ዘይተስዓረ ምኳኑ፣ ዕብየት እምበር ትራንስፎርመሽን ገና ዘይተረጋገፀ ምኳኑን ብፍላይ ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዘሎ ጉድለት ብመሰረቱ ከምዘይተፈትሐ ብምድምዳም ኣብዚ ዓመት ፍልይ ብዝበለን ብዝሐሸን ኣገባብ ነዚኦም ንምፍታሕ ዝዓለመ ትልሚ ሓንፂፅና ናብ ፅዑቕ ስራሕ ኣቲና ብምርብራብና ተስፋ ዝህብ ኩነታት ፈጢርናኣሎና።

ስለዝኾነ’ውን ኣብዚ ዓመት ልዕልነት ኪራይ ኣካቢ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚኣብ ከተማታት ንምድኻምን ኢንቨስትመንት ብፍላይ’ውን ማንፋክቸሪንግን ሰደድን ንምኩልባት ዝሕግዙ መደባት ምትግባር ጀሚርና ኣሎና። ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ጥራሕ ዘይኮንስ ኣብ ገፀር ይኹን ኣብ ከተማ ትራንስፎርመሽን ንምርግጋፅ ባይታ ምንፃፍ ተጀሚሩ ኣሎ። ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዘሎ ጉድለት ብዝሓሸ መንገዲ ንምፍታሕ ዝዓለሙ መደባት ሓንፂፅና ምስ ህዝብና ተቐራሪብና ዝላዓለ ምርብራብ ብምግባርና ህዝብና ተስፋ ሰኒቑ ቀፅልሉ ዝብለሉ ኩነታት ዝተፈጠረ ኮይኑ ዘጋጠመና ከቢድ ሓደጋ ድርቂ’ውን መኪትና ተስፋ ናብ ዘለዎ ክራማትንሰጋገር ኣሎና። ነዞም ምችዋት ኩነታትን ጅማሮታትን ሰኒቕና ህዝብና ካብ ድኽነት ንምንጋፍን ኣብ ምሕደራና ዕግበት ንምፍጣርን ከምኡ’ውን ዝረኸብናዮ ሰላም ሓሊና ንምቕፃል ሐዚ’ውን ከቢድ ቃልስን ፃዕርን ብዝበለፀ ኣጠናኺርናክንቅፅለሉ ኢና።

**ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና!**

**የቐንየለይ!!**